ናብ ክቡር ዶክተር ፍስሃጽዮን መንግስቱ

ኣቐዲምና፡ ዕዙዝ ሕውነታዊ ሰላምታና ነቕርበልካ። ኣስዒብና ድማ፡ እተማልአ ጸጋ ጥዕና ክህልወካ ዘሎና ሰናይ ትምኒት ንገልጸልካ።

ኣብ'ቲ ንዕለት 10-11 ሰነ 2006 እተዳልውዎ ዘለኹም ሰሚናር፡ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንኽሳተፍ ዘቕረብኩምልና ዕድመ ከምዝበጽሓና ነረጋግጸልኩም። ኣብ'ቲ ሰሚናር ንምስታፍ ልኡኽና ኣዳሊና ኣሎና ኢልና ሓቢርናኩም ምንባርና ውን ዝዝከር ኢዩ። እቲ ሰሚናር ኣብ ኤርትራዊ ክሊ ተሓጺሩ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ጥዑይ ዝምድና ንምፍጣርን፤ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብኸመይ ክሕይል ይከኣልን ኣብ ዝብሉ ጉዳያት ጥራሕ ዝዝቲ ኰይኑ ተረዲኡና ነይሩ።

ኣብ'ቲ ሰሚናር ንክትዓት ቀሪቦም ዘለው ኣርእስትታት ምስ ልኣኽኩምልና ግን፡ ምስ'ቲ ዝጸንሓና ግምት ዘይሰማማዕ ኰይኑ ረኺብናዮ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ማእከል ናይ'ቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ተቓውሞታት ምኳኑ ዘካትዕ ኣይኰነን። ኣብ'ቲ ሰሚናር ንምይይጥ ቀሪቦም ዘለዉ ጉዳያትን ተሳተፍትን ግን፡ ነዚ ሓቂ'ዝን ንትጽቢታትና ዘንጸባርቕ ኰይኑ ኣይረኸብናዮን። ከም'ዚ ንምባል ዘበገሱና ነጥብታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንዝበዝሑ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ዝጥርንፍ ጽላል ክነሱ፡ ብማዕረ'ቲ ክብደቱ ተለልዩ ኣብ'ቲ ሰሚናር ንኽሳተፍ ኣዳለውቲ ሰሚናር ብፍጹም ኣብ ሕሳቦም ዘየእተውዎ ስለዝኾኑ፤
2. ንሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምልከት ሰሚናር ኰይኑ ከብቅዕ፡ ንተሳትፎ ምሁራትን ኪኢላታትን ናይ'ተን ኣብ'ቲ ዞባ'ቲ ዝርከባ ሃገራት ዘንጻባርቕ ስለዘይኰነ፤

ብጉዳይ ተሳታፍነት ኣብ'ቲ ተዳልውዎ ዘለኹም ሰሚናር ብዝምልከት፡ ሻውዓይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተዛሪብሉ። ኣብ ትሕቲ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኵነታት ዝካየድ ሰሚናር ድማ፡ ምስ'ቲ እንብህጎ ዕላማታት ዝሳማማዕ ኰይኑ ኣይረኸብናዮን። ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ሰሚናር ንኽይሳተፍ ወሲኑ ከምዘሎ ብትሕትና ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ምስ ሰናይ ትምኒት
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
23 ግንቦት 2006